ነፍስወከፍ ሰብ ናይ ጡብ ናይ ማህጸን ከሙኡውን ናይ ማዓናጡ መንሸሮ ናይ ምምዕባል ተኽእሎ ስለዘለዎ ነዚ ንምቁጽጻርን ግቡእ ሕክምና ንምርካብን ኣብ ዝዳለው ናይ ክንክን ጥዕና ኣጋጣሚታት ምስታፍ ይግባእ።

ክሳብ ሕጂ ኣብዚ መደብ ዘይተሳተፉ ወይ ዕድመ ዘይቀረበሎም ሰባት ናብዚ ዝስዕብ ስልኪ ቁጽሪ ብምድዋል ቆጸራ ምሓዝ ይኽእሉ።

- ብነጻ ዝድወል ቁጽሪ 800536693
- ኢሜል ብምጽሓፍ uocpomas@aslroma1.it
- ብኦንላይን ናብዚ ዝስዕብ ብምጽሓፍ https://prenotascreening.regione.lazio.it ኣብ **Prenota Smart ድሕሪ ምእታው** ቆጸራ ምሓዝ

እዚ ምርመራ ካብ ክፍሊት ነጻ ኮይኑ ካብ ሓኪምኩም ናይ ትእዛዝ ወረቀት ውን ዘየድልዮ ምርመራ እዩ። ድሕሪ ምርመራ ስልኪ ቁጽሪ ከምኡውን ኢሜል ብምሃብ ኣድላይ ኣብ ዝኾነሉ ግዜ ክድወለልኩም እዩ።

ሂወት ከድሕኑ ኣብ ዝኽእሉ ምርመራታት ብኣጋ ምስታፍ ይግባእ

MINISTERO DELL'INTERNO

# ባአጉኡ ጥዕናኹም ምሕላው መሰልኩም እዩ



REGIONE TOSCANA

Regione Emilia-Romagna

REGIONE LAZIO

REGIONE SICILIANA

## ነጻ ናይ ጡብ ምርመራ

ናይ ጡብ መንሽሮ እቲ ኣድ ደቃንስትዮ ብዝላዓለ ደርጃ ዝስራዕ ዓይነት መንሽሮ እዩ።

### ኣገባብ ምርመራ

ፈለማ ናይ ጡብ ኤክስረይ ይግበር፣ ብምቕጻል ኣድላይነት ምስ ዃሉ ተወሳኺ ምርመራታት ይግበር። ውጽኢት ምርመራ ነጻ መስ ዝኸውን መልሲ ብደብዳበ ይስደድ። መልሲ ምስ ዘይመጽእ ግን ኣብ ላዕሊ ንዝተጻሕፈ ስልኪ ቁጽሪ ብምድዋል ወይ ኢሜል ብምጽሓፍ ምውካስ የድሊ።

**ተገልገልቲ ምርመራ**እዚ ምርመራ ኣብ መንጎ 50ን 74ን ክሊ ዕድመ ንዘለዋ ደቀንስትዮ ይምልከት።

### ኣብ ከክንደይ ግዜ

እዚ ምርመራ ኣብ ክልተ ዓመት ሓንሳብ ይግበር

## ነጻ ናይ መዓናጡ ምርመራ

ናይ መዓናጡ መንሽሮ ሓደ ካብቶም ብብዝሒ ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ዘጥቅዕ መንሽሮ እዩ። ሓደ ካብ ምልክታት መንሽሮ መዓናጡ ብዓይኒ ዘይረኣ ኣብ ቀልቀል ደም ምስ ዝህሉ እዩ።

### ኣገባብ ምርመራ

ናይ ቀልቀል ምርመራ ድሕሪ ምግባር ምልክት ደም ከምዘሎ ምስ ዝፍለጥ ተወሳኺ ምርመራታት ምግባር ይግባእ። ምህላው ደም ኣብ ቀልቀል ግን ብቐጥታ መንሽሮ ምህላው ማለት ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ተወሳኺ ምርመራን መጽናዕትን ምግባር ይግባእ።

ውጽኢት ምርመራ ነጻ ምስ ዝኸውን መልሲ ብደብዳበ ይስደድ። መልሲ እንተዘይመጸ ግን ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝተጻሕፈ ስልኪ ቁጽሪ ወይ ኢሜል ብምጽሓፍ ምውካስ የድሊ።

### ተገልገልቲ ምርመራ

እዚ ዓይነት ምርመራ ኣብ መንጎ 50ን 74ን ክሊ ዕድመ ንዘለዋ ደቀንስትዮን ደቂተባዕትዮን ይግበር

### ኣብ ከክንደይ ግዜ

እዚ ዓይነት ምርመራ ኣብ ከክልተ ዓመት ክግበር ይግባእ

## ነጻ ናይ ማህጸን ምርመራ

ናይ ማህጸን መንሽሮ (ላዕለዋይ ክፋል ማህጸን)ብኣግኡ ተለልዩ ግቡእ ሕክምና እንተዘይረኺቡ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል።

### ኣገባብ ምርመራ

ፓፕ ተስት (Pap test) ከምኡ ውን HPV ዝባሃል ምርመራ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ማህጸን ንዝርከቡ ዋህዮታት ዝምርምር ኣገባብ እዩ ።

እዚ ዓይነት ምርመራ ሓደገኛ ከምዘይኮነን ከምዘየቕንዝውን ምፍላጥ የድሊ። ድሕር'ዚ ዝተጠቕሰ ምርመራ ኣድላይይነት ምስ ዝህልዎ ተወሳኺ ምርመራ ይግበር። ውጽኢቱ ነጻ ምስ ዝኸውን መልሲ ብደብዳበ ምጽባይ የድሊ፣ መልሲ ምስ ዘይመጽ ግን ኣብ ላዕሊ ንዝተጻሕፈ ስልኪ ቁጽሪ ምድዋል ወይ ብኢሜል ድሕሪ ምጽሓፍ ምልሲ ምሕታት ይካኣል።

### ተገልገልቲ ምርመራ

እዚ ዓይነት ምርመራ ኣብ መንጎ 25ን 64ን ክሊ ዕድመ ንዘለዋ ደቀንስትዮ ይግበር።

### ኣብ ከክንደይ ግዜ

ኣብ መንጎ 25ን 29ን ክሊ ዕድመ ዘለዋ ኣብ ሰለስተ ዓመት ሓንሳብ ከም ኡ'ውን ኣብ መንጎ 30ን 64ን ክሊ ዕድመ ዘለዋ ድማ ኣብ ሓሙሽተ ዓመት ሓንሳብ ንኽገብርዎ ምኽሪ ይዋሃብ